# ህዝቢ ዋና'ምበር ተዓዛባይ ኣይኮነን።

**(ድምጺ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን-1)**
**09.06.07**

ድሕሪ 2ይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ መድረኽ ዝተጋህዱ ጉዳያት ኣዝዮም ብዙሓት ምዃኖም ንኹሉ ነቲ ኩነታት ዝከታተል ዝነበረ ብሩህ እዩ ዝብል እምነት ኣለና። ብዛዕባቲ ዘጋጠመ ጉዳይ ድማ ብዙሕን በብዓይነቱን ጽሑፋት ወጺኦ፣ መደረታት እውን ተሰሚዑ። ብምኽንያት እዚ ተረኽቦ ዝተጋብኡ ኣኼባታት እውን ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ምስቲ እቲ ኩነታት ካብ ትጽቢት ናይ ብዙሓት ወጻኢ ምግጣሙ፣ ነቲ ሓደሓደ ድረቱ ዝሓልፍ ዝነበረ ባዕላዊ ኣበሃህላታት ገዲፍካ፣ እቲ ንፍልልይ ኣብ ኪዳን ብዝምልከት ክበሃል ዝጸንሐ ብዙሕ ካብ እትጽበዮ ወጻኢ ነይሩ ትብሎ ኣይኮነን። ካብቲ ድሕሪ እቲ ኩነታት ዓይኑ ኣፍጢጡ ዝተጋህደ ተረኽቦታት ሓደ ናይቲ ኪዳን ኣብ ክልተ ኣካላት ምኽፋሉ እዩ። እዚ ባዕሉ ኣብ ባይታ ክዛረብ ዝጸንሐን ዘሎን ስለ ዝኾነን ዘረባ ዘድልዮ ኣይነበረን ኣይኮነን። እንተኾነ ነዚ ገዚፍ ሓቂ ኣብ ምቕባል እውን ዘዕጠዋዩ ወገናት ብፍላይ ኣብቲ መጀመርያ እዋን ኣይተሳእኑን። እዚ ዝንባለ እዚ ካብ ንክውንነት ምኽሓድ ዝነቅል ስለ ዝኾነ ካብቲ ምፍልላይ ዝገደደ ሓደገኛ እዩ ነይሩ።

እዚ ሓደ ኣካል ናይ ኪዳን ማለት ቀዳማይ ወገን ድሕሪ እቲ ኩነታት ኣብ ሓጺር ግዜ ናብቲ ዝነበሮ ኣብ ዘይምለሰሉ ደርጃ ምብጽሑ ዝወሰዶ ስጉምቲ፣ መሰረታት ውድባትን ኩሉ በቲ ኩነታት ዝግደስ ኤርትራውን ነቲ ዘጋጠመ ነገራት ከም ዝፈልጦ ምግባር እዩ ዝነበረ። በዚ መሰረት ድማ ካብቲ እቲ ኩነታት ዘጋጠመሉ ቦታ ኣዲስ ኣበባ ጀሚሩ ብደረጃ ላዕለዎት ሓለፍቲ ናይቲ ቀዳማይ ወግን ኪዳን፣ ኣብ ሱዳን፣ ኣሜሪካ፣ ኤውሮጳን ካልእ ከባብታት ዓለምን ሰፋሕቲ ኣኼባታት ኣካይዱ። እቲ ንጹር ሓበሬታ ናይ ምቕራብ ኣኼባታት ኣብ ኤርትራዊ ከባብታት ጥራይ ከይተደረተ ምስ ነናይተን ሃገራት ዝምልከቶም መንግስታውን ዘይመንግስታውን ወገናት እውን እናተራኸብካ ዝተዓመመ እዩ ነይሩ። እዚ ኣኼባታት ብዘይካ'ቲ ንዘመናዊ ዜናዊ ምሳርሒታት እናተጠቐምካ ዝካየድ ዝነበረን ዘሎን እቲ ክውንነት ናብ ህዝቢ ናይ ምቕራብ ወፈራታት እዩ።

ናይዚ ኣኼባታት እዚ ቀንዲ ኣጀንዳ እቲ ኣብ ኪዳን ዘጋጠመ ምዕብልና ከም ዘለዎ ምቕራብ ኮይኑ ናይ መጻኢ መፍትሒ ናይ ምምልኻት ተልእኾ እውን ነይርዎ እዩ። ኣብዚ ኣኼባታት ኣዚ ብተሳተፍቲ ዝቐርብ ዝነበረ ሕቶታት፣ ርኢቶታት፣ ለበዋታትን መፍትሒታትን ንፖለቲካዊ ጉዕዞ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራን ንናይ ህዝብና ናይ ለውጢ ሃረርታን ክከታተል ንዝጸንሐ ወገን ዘይተጸበዮ ኣይነበረን። ዳርጋ ኩሉ ክበሃል ይከኣል መንቀሊኡ ህዝባዊ ሓልዮትን ናይ ለውጢ ጽምኣትን ዝደረኾ ከም ዝነበረ ድማ ብሩህ እዩ። ሓደ ሓደ ብናይ ኪዳን ምድኻም ዝሕይሉ ዝመስሎም ወገናት ኣይተራእዩን ማለት ግና ኣይኮነን።

ኩልና ከም እንፈልጠን ህዝቢ ኤርትራ እውን ኣብቲ ዝሓለፈ መሪር ቃልሱ ከም ዘረጋገጾን፣ ከምዚ ኣብዚ ዝሓለፈ ግዜ ኣብ ኪዳን ዘጋጠመ ፍሉይ ተርእዮ ከጋጥም እንከሎ እቲ ፖለቲካዊ ውድባት ክደናግር ብዘይ ክእል ኣገባብ፣ ብመርተዖታት ኣሰንዩ ንህዝቢ ክሕብር ክስገር ዘይግበኦ ግቡኡ እዩ። ህዝቢ እውን ናይቲ ዘጋጠመ ትረኽቦ

ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ። ኣብዚ ግና ናይ ህዝቢ ዕማም ነቲ ካብ ድሌቱ ወጻኢ ዘጋጠመ ኣሕዛኒ ተረኽቦ ዝምልከት ሓበሬታ ሰሚዑ፣ ርእሱ ኣድኒኑ ኣስናኑ ኗኺሱ ሓዘኑ ክገልጽ ኣይኮነን ዝግበኦ። ህዝቢ ሓበሬታ ክረክብ ኣለዎ ክበሃል እንከሎ፣ ነቲ ሓበሬታ ሰኒቑ ካብቲ ዘጋጥመ ዘይጥዑይ ፍጻመ ንምውጻእ መዋጽኦ ኣብ ምርካብ ህዝባዊ ወሳንነቱን ሓላፍነቱን ንክፍጽም፣ ሓይልን መወከስን ንክኾኖ ካብ ዝብል እዩ። ኣብ ከምዚ ንርከበሉ ዘለና ኩነታት በቲ ዘጋጠመ ተርእዮ ተሰፋ ምቑራጽን ምስትንታንን መፍትሒ ኣይኮነን። እቲ ህዝቢ ኮነ ካለኦት ወገናት ዝፍተንሉ ናይ ቃልሲ ምዕራፍ እውን እዚ እዩ። ንነፍሲ ወከፍ ዘይተጸበኻዮ ተረኾቦ ከም ናይ መወዳእታ ዓለም ኣጋጣሚ እናወሰድካ ዝኽየድ ናይ ቃልሲ ጉዕዞ ግና ክዕወት ኣይክእልን። ነዊሕ ተጓዒዝና ሉኣላዊት ሃገር ኤርትራ ክንውንን ዝኸኣልና እውን ኣብቲ መስርሕ የጋጥሙ ብዝነበሩ በዳህቲ ምዕራፋት ሳላ ክምህ ከይበልና ዝቐጸልና ኢና።

ብመሰረቱ ናይ ህዝቢ ሓያልነት ዝምዘን ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ ነቲ ቅኑዕ፣ ቅኑዕ ነቲ ግጉይ ድማ ግጉይ ክብል እንተኽኢሉ ጥራይ እዩ። ...እቲ ህዝቢ እዩ ወሳኒ። ፖለትካዊ ውድባት ትሕቲ ህዝቢ እምበር ልዕሊ ህዝቢ ስልጣን የብለንን.. ዝብል መደምደምታ ግቡእ ትርጉም ዝህልዎ ድማ ኣብ ከምዚ መድረኽ እዩ። ህዝቢ ነቲ ቅኑዕ ዝበሎ ቅኑዕ ጥራይ ኣይኮነን ክብሎ ዝግበኦ። ካብ'ዚ ሓሊፉ ብጋህዲ ክድግፎን ክሕይሎን ይግበኦ። ህዝቢ ከምዚ ተዘይገይሩ ግና ዝኾነ ጉጅለ፣ ህዝባዊ ኣጀንዳ ይሃልዎ ኣይሃልዎ ክዕንድረሉ ምኽኑ ክዝንጋዕ የብሉን። እዚ ብንጹር ነቲ ክግናሕ ዝግበኦ ዘይምግናሕን ክምጎስ ዝግበኦ ድማ ዘይምምጓስን፣ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልስና እውን ኣሉታዊ ሳዕቤኑ ተራእዩ እዩ። እቲ ናይ ሽዑ ኩነታት ክሳብ ክንደይ መፍቶ ጸረ-ህዝቢ ክንሶም ናይ ህዝቢ ካባ ለቢሶም ናይ ዝመጹ ወገናት ከም ዝኾነ እዚ ሕጂ ህዝብና ዝሓልፎ ዘሎ ህይወት ባዕሉ መረጋገጺ እዩ። ኮታ ሕጂ እውን እቲ ናይ " እቲኦም የማናይ ዓይንና እቲኦም ድማ ጸጋማይ ዓይንና " ኣካይዳ እንተ ቐጺሉ እዚ ነካይዶ ዘለና ቃልሲ ናብ ዘይመንገዱ ክኸይድ ከም ዝኽእል ብዓንተቦ ምፍላጥ የድሊ። ኣብዚ ሓደ ከይተጠቐሰ ክሕለፍ ዘይግበኦ ህዝቢ ኻኹሎም ወገናት ማዕረ ዝርእየሉ ኩነታት ኣሎ። እዚ ግና ኣብቲ መጻኢ ፖለቲካዊ ዕድሉ ንምውሳን ዝኽየድ ናይ ቃልሲ ጉዕዞ ክኸውን የብሉ።

እቲ ካልእ ቁምነገር ህዝቢ እውን ጸገም ከጋጥም እንከሎ ጥራይ ኣይኮነን ሓበሬታ ክሓትት ዝግበኦ። ኣብቲ ንቡር ጉዕዞ እውን እቲ በኣኡን ምእንታኡን ዝካየድ ቃልሲ ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ሃለዋት ኣሎ ክፈልጥን ክከታተልን ይግበኦ። ውድባት ኮነ ልፍንትታት እውን ከም ናይ ርእይቶ ፍልልይ ዝኣመሰለ ኩነታት ከጋጥም እንከሎ ጥራይ ኣይኮናን ናብ ህዝቢ ቀሪበን መግለጽታት ክህባ ዝግበኤን። ኣብቲ ህዱእ ኩነታት እውን ናብ ህዝቢ እናቐረባ ብተኸታታሊ ሓበሬታ ክህባ ይግበአን። ስለምንታይ ግቡእ ሓበሬታ ዘየብሉ ህዝቢ እንተደገፈካ እውን ዘተኣማምን ናይ ለውጢ ሓይሊ ክኸውን ኣይክእልን እይ።

ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ቀዳማይ ወገን ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርነዓት ዓለም ከካይዶ ናይ ዝጸንሐ ዝተፈላልየ መልከዓት ዝነበሮ ርክባትን ኣኼባታትን ዕላማ እምበኣር እዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቐሰ፣ ሓበሬታ ብግቡእ ናይ ምቕራብ እዩ። እዚ ክበሃል እንከሎ ግና ሓበሬታ ደርቢኻ ምምጻእ ጥራይ እውን ኣይኮነን። እቲ ኣኼበኛ ኣብቲ ኣጋጣሚታት ዘቕረቦ ሕቶታት፣ ርኢቶታትን ናይ መጻኢ መፍትሕታትን እውን እቲ መሪሕነታት ኣብ መጻኢ መደባቱ ክሰርሓሉ ዝግበኦ ስለ ዝኾነ ብዝለዓለ ቆላሕታ ክዕቀብ ዝግበኦ እዩ። መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ቀዳማይ ወገን ግቡእ ሓበሬታ ናብ ህዝቢ ንምብጻሕ ዝወሰዶ ስጉምቲ ዝነኣድ ኮይኑ፣ ንመጻኢ እውን ዓቕሙ ብዝፈቕዶ ናይ ግድን ከምቲ ኣብ ኪዳን ዝተፈጥረ ጸገማት ክሳብ ዝፍጠር ከይተጸበየ ክቕጽሎ ይግበኦ። ህዝቢ ኤርትራ እውን ኣብ መንጎኡን ኣብ መንጎ ውድባትን ደረት ፈጢሩ ነቲ መጻኢ ዕድሉ ኣብ ምውሳን ወሳኒ ብጽሒት ዘለዎ ኣጀንዳ ካብኡ ከርሕቖ

ኣይግባእን። ብዛዕባ ተቓወምቲ ውድባት ግቡእን ርትዓውን ሚዛን ክህልዎ ዝኽእል እውን ባዕሉ ቀሪቡ ብዝኽታተሎ እምበር ብእምነ ወንጭፍ ብዝረኸቦ ናይ ርሑቕ ሓበሬታ ኣይኮነን። እቲ ሕጂ ሓሓሊፉ ዝረአ ነቲ ቃልሲ ንውድባት ገዲፍካ ከም ናይ ማዕዶ ተዓዛባይ ናይ ምኳን ባህሊ ድማ ብዓንተቦ ክውገድ ይግበኦ። እዚ ለውጢ ካብ ውድባት ጥራይ ምጽባይ ከይተወገደ ዓወት ምጽባይ ግና ሕልሚ እዩ። ህዝቢ ድማ ኣብዚ ነካይዶ ዘለና ቃልሲ፡ ዋና'ምበር ተዓዛባይ ኣይኮነን።